# ይብፃሕ ናብ ኩሉኹም ግዱሳት ደቂ ሃገር

## ዛዕባ - ህንፀት ዘመናዊ ቤት ንባብ ኣብ ከተማ መቀለ

ኣብ ዝሓለፈ ሒደት ቅነታት ኣብ ሃገረ ጀርመን እትርከብ ከተማ ቱቢንግን ምስ ከተማ መቐለ ክትመሓዘ ኣንቂዳ ሚዛን ብልጫታት ከተማ መቐለ ካብ ካልኦት ተወዳደርቲ ዘይዱ ነገር ኣብ ፍፃሜኡ ክበፅሕ እንትብል፣

ዕንዓት ዝሰረቱ ሃገራዊ ልምዓት፣መስዋእቲ ዝሕላገቱ ናይ ምዕባለ ስጉምቲ፣ተስፋና ዘፅለሉ ናይ ህዳሴ ባና፣እንትሪኡ ዓይኖም ዘሳሕዮም ትምክሕትን ዘርኣውነትን ዝሕድያቶም፣ ፀላእቲ ብፅንብል ዓወታት ዕለት መፀ ንዝደምቕ ዘሎ ስሉጥ ህንፀት ሃገር ከዐንቅፉ ካብ ምሕላም ተበጊሶም ኣብታ ከተማ ብዝገበርዎ ሰልፊ ተቓውሞ ምሕዝነት ክልቲኦን ከተማታት ተኾሊፉ ኣሎ::

እዚ ዘስደምምን ሓባል ሚዛን ደርጋውያን ዝዓየሮን ስጉምቲ ዘቖጥዮም ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ግዱሳት ኢትዮጵያውያን ብኻሊእ ገፅ ወገን ፈልዮም ኣብ ሰንደቕ ሕብሪ ባንዴራ ሃገሮም ተኣኻኺቦም ሎሚውን ከም ትማሊ ፅንዒ ህዝባዊ መኸተ ኣሲሮም ሕራነ ዝቓነዮ ናይ ኣይንምብርከኽን መዝሙር እናዘመሩ ብሓቦ ንልምዓት ከተማ መቐለ ዝከኣሎም ዘበለ ኹሉ ክገብሩ ወሲኖም ኣለዉ::

መድረኽ ምይይጥ ፓልቶክ ፎረም ገዛ ተጋሩ ዘማእኸሎ ዘሎ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ብቀረባ ዝከታተሎ ዘሎን ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ፈተውቲ ሃገሮም ኢዶም ዝሓውሱለቶ ዘለዉ እዚ ርብርብ እዚ ፕሮጀክት ሓቦ መቐለ ብዝብል ሽም ዛጊድ ብዓይነቱ ፍልይ ዝበለን ደረጅኡ ዝሓለወን ኣስታት ብር 3 ሚልዮን ዝውድእ ዘመናዊ ቤት ንባብ ኣብ ከተማ መቐለ ንምህናፅ ተበጊሱ ተስፋ ዝተመልኦ ተግባር ኣብ ምስላጥ ይርከብ::

በዚ መሰረት ድማ እዚ ሰናይ ዕላማ እዚ ተግባራዊ ንክኸውን ኣብ ውሽጢ ዓዲን ኣብ ወፃኢን ዝርከብ በዓል እጃም ዘበለ እጃሙ ንከወፊን ኣብ ጎኒ ፕሮጀክት ሓቦ መቐለ ንክሰለፍን ብኽብሪ ፃውዒትና ነቕርብ::

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብ projecthabbomekelle@gmail.com ርኸቡና

ሓደራ ሰማእታት - ብሓቦ - ናብ ሃገራዊ ልምዓት !

ኮሚቴ ምትሕብባር ፕሮጀክት ሓቦ መቐለ